**ዓንዲ-ሕጊ፡ ማሕበር፡ ምትሕግጋዝ**
**“ ማሕበር ክልኣት ውላድ ሃይገት” ኣብ ሰሜን፡ ኣሜሪካ**
**ኣብ፡ ወርሒ፡ መስከረም፡ ዕለት፡ 1፡ 2012፡**
**(09/01/2012) ተመስሪቱ።**

**ዓንቀጽ 1. _ ስም፥ ማሕበር፥**
**ክልኣት ውላድ ሃይገት፡ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ፥**

**ዓንቀጽ 2. _ መዝገብ፥ ማሕበር፥**
ዘይ-መክሰባዊ፡ ግብረ ሰናይ ማሕበር፡ ብመዝገበ- ሕጊ-ኮሎራዶ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ።

**ዓንቀጽ 3. -- ኣድራሻ፥ ማሕበር፥**
**4531 S. Joplin Street Aurora, CO 80015 እዩ**

ሓበረታ ንምርካብ፥
*ሓበሬታ ንምርካብ፥ ንኣባላት ኣካይዲት ሽማግለ ብኢመይል ምውካስ ይከኣል።*

**ዓንቀጽ 4. -- ተልእኮ፥ ማሕበር፥**
ባህልን፥ ልምድን፥ ቋንቋን፥ ህዝቢ መንሳዕ ምዕቃብ። ስሉጥ-መርበብ፡
(Effective net- work) ብምህናጽ፡ ኣባላትን መንእሰያት ሕብረ--ማሕበር መንሳዕ ባህልታቶም ከጽንዑን፡ ክዕቅቡን፡ ምሕጋዝን፡ ምትብባዕን።

**ዓንቀጽ 5. -- ዕላማ፥ ማሕበር፥**
- ማሕበር፡ ክልኣት ውላድ ሃይገት፥ ኣብ ትሕቲ ዘይ-መክሰባዊ፡ ማሕበር፥ ክፋል **501 ( C ) (3 )** ሃገራዊ ግብሪ ቍጽሪ **1986** ሕጊ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ምዝጉብን ሕጋውን ማሕበር እዩ፡
- ሓድነትን ጥርናፈን ደቂ መንሳዕ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ፡ ምዕቃብን ምርግጋጽን፡
- ንኣባላት ኣብ መነባብሮ ስደት ዝጓነፎም ብድሆታት ብስሩዕ ኣገባብ ምፍታሕን ምቅላልን፡
- ስሉጥ-መርበብ ብምህናጽ ኣባላት ጸገማቶም ዘካፍሉሉን ኣድላይ ሓገዛትን፡ ምኽርታትን ዝረኽቡሉ ምቹእ ኩነታት ምፍጣር፡
- ማሕበር ክልኣት ውላድ ሃይገት፡ ባህልን፡ ልምድን፡ ቋንቋን፡ ህዝቢ መንሳዕ ምዕቃብን ንመጻኢ ወለዶ ንምትሕልላፉ ብትግሀት ይቃለስ፡
- ንኣባላት ዝግልገሉሉን ዝረብሑሉን ናይ ትምህርትን ስራሕን ምኽርን ይህቡን የተባብዑን።
- ብተወሳኺ ሓደ ካብ ዕላማታት ማሕበር፥ ኣባል ብሞት ምስ ዝፍለ፡ ውሱን ገንዘባዊ ደበስ ንስድራ-ቤት ምሀብ፡
- ማሕበር ክልኣት ውላድ ሃይገት፡ ካብ ዝኾነ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ንጥፈታት ነጻ ዝኾነ፤ ምስ ዝኾነ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ማሕበራት ሽርክነትን፡ ሻርነትን ዘይብሉ እዩ። በዚ ዕላማ መሰረት፡ ኣባላት ማሕበር፡ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ንጥፈታት ኣብ ውሽጢ ማሕበር ከካይዱ ኣይፍቀደሎምን።

**ዓንቀጽ 6. -- ኣባላት ማሕበር**
**ክፋል፡ 1. ኣባልነት፥**
ዝኾነ መንስዓታይ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝነብር፤ ብተልእኮን ዕላማን ክልኣት ውላድ ሃይገት፡ ኣብ ዓንቀጽ **5** (**ሓሙሽተ**) ዝተዘርዘረ፡ ዝኣምን፡ ኣባል ክኸውን ይኽእል።
***ኣባል ክልኣት ውላድ ሃይገት ክኸውን ዘለዎ ካብዘን ዝስዕባ ነጥብታት ሓንቲ ዘማልኤ ጥራይ እዩ።***
- ***ብኣቦን ብኣደን መንሰዓታይ፡***
- ***ብኣቦ ወይ ብኣደ መንሰዓታይ፡***
- ***ኣብ መሬት መንሳዕ ተወሊዱ ዝዓበየ፡***
- ***ብመውሰቦ፥ መንሰዓተይቲ፡ ዘእተወ ወይ መንሰዓታይ ዘእተወት፡ ኣባል ክኸውን መሰል ኣለዎ።***

**ክፋል 2. ዓመታዊ ክፍሊት፥**

• እቲ ካብ 2011 ጀሚሩ ክሳብ 2014 $ 60.00 ዓመታዊ ናይ ኣባልነት ክፍሊት ዝነበረ ፥ ካብ ጥሪ 2015 ጀሚሩ ክሳብ ታሕሳስ 2021 ከኣ $ 100.00 ዝተቐየረ፡ ካብ ጥሪ 2022 ጀሚሩ $120 ይኸውን።

• ተቐማጦ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን፡ ማሕበር ካብ ዝጅምር ኣትሒዙ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ክኣትዉ ዘይክኣሉ $500 መእተዊ ክፉሎም ኣብ ርእሲኡ ድማ ዓመታዊ ክፍሊት ከፊሎም ኣባላት ማሕበር ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብ ኣመሪካ ወይ ካናዳ ሓደስቲ መጻእቲ (ኣጋይሽ) ግን፡ እዚ ናይ $500 ክፍሊት ኣይምልከቶምን። ነታ ዓመት እትወሰነ ክፍሊት ጥራሕ ከፊሎም ይኣትው።

***ክፋል 3. መሰል ኣባላት፥***

- ነፍሲ-ወከፍ ኣባል፡ ኣብ ናይ ማሕበር፡ ጉዳያት ክሳተፍ፡ ማዕረ መሰል ኣለዎ፤ ኣብ ጊዜ ምርጫ ናይ ማሕበር ዕማም ከሳልጥ፡ ክመርጽን፡ ክምረጽን መሰል ኣለዎ፡
- ዓመታዊ ክፍሊት፡ ብወርሒ ጥሪ ግቡኡ ዘሳለጠ፡ ወይ’ውን ፍሉይ ኣከፋፍላ መዲቡ ክኸፍል ዝጸንሔ ኣባል፡ እሞ ብሞት ምስ ዝፍለ እቲ ግቡእ $7,000.00 ሓገዝ ንስድራ-ቤቱ ይወሃብ፡
- እኩል ገንዘብ፡ ኣብ ሳጹን ምስ ዘይህሉ፡ ኣካየድቲ ማሕበር ብዝመዘዝዎ ኣገባብ ደበስ ይኽፈል፡
- ኣባላት ተጠቃሚ-ወኪል (Beneficiaries)፥ ክሮቅሑ ኣለዎም።

**ክፋል 4. ግቡእ ኣባልነት፥**

- ሓደ ውልቀ-ሰብ ኣባልነቱ ኣብ ማሕበር፡ ምስ ተረጋገጸ፡ ብቀጥታ ዓመታዊ ናይ ኣባልነት ክፍሊት ኣብ መንጎ ወርሒ ጥሪን የካቲትን ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ክኸፍል ኣለዎ፡
- ኣባል ዓመታዊ ግቡእ ምስ ዘየማልእን፡ ዝተዋህቦ፡ መዘኻኸሪ ዕሽሽ ምስ ዝብልን ኣባልነቱ ውዱቕ ይኸውን ወይ ደው ይብል። መሰላት ኣውን የብሉን።
- ኣባል ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን፡ ምስ ዝግዕዝ፡ እሞ ኣባልነቱ ህያው፤ መሰላቱ ሕሉው፤ ክኸውን ምስ ዝመርጽ ወኪል ይምዝዝ፤ ባዕሉ ወይ ብወኪሉ ጌሩ ግቡኡ ዘየማልኤ ግና ኣባልነቱ ደው ይብል፡ መሰልውን ኣይረክብን።

**ክፋል 5. ምስራዝ ኣባልነት፥**

**ኣብልነት ዝስረዘሉ ምኽንያታት፤**

- ኣባል ብገዛእ ፍቃዱ፡ ካብ ማሕበር ምስ ዝስሕብ፡
- ኣባል ዓንዲ-ሕጊ ማሕበር ምስ ዝጥሕስ፡
- ኣባል ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን ወኪል ከይገደፈ ምስ ዝግዕዝ፡ (በዘን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ ምኽንያታት ኣባልነቱ ዝተሰረዘ ባእታ ዝኾነ፡ ዝሓቶ መሰል የለን)፡
- ኣባል ምስ ዝመውት፡
- ዓመታዊ ናይ ኣባልነት ክፍሊት ዘየማልኤ ባእታ፡ ኣባልነቱ ደው ይብል።

**ክፋል 6. ምምላስ፡ ኣባልነት፤ (Membership Reinstatement)፤**

ኣባልነቱ ብፍቃዱ ዝሰሓበ፥ ወዲ ማሕበር፥ ኣባልነቱ ክቕጽል ምስ ዝደሊ፥ ዳብዳቤ ኣብ ኣካየድቲ ሽማግለ ሰዲዱ፡ በኹሩ ዝጸንሔ ዕድኡ የደቅስ፤ ኣካየድቲ ማሕበር ድማ ኰነታቱ መዚኖም፡ ይብይኑ።

**ክፋል 7. ቁጽሪ ኣባላት፤**

ኣብዚ እዋን እዚ፡ ቁጽሪ ኣባላት ማሕበር 158 እዩ።

***ዓንቀጽ 7. -- ገንዘባዊ ጎስጓስ፤***

ኣብዚ እዋን እዚ ገንዘባዊ ጓስጓስ ኣይካየድን እዩ።

## ዓንቀጽ 8. -- ኣኼባ ኣባላት፤

### ክፋል 1. ዝለዓለ ስልጣን ጉባኤ ማሕበር፥

ጉባኤ ማሕበር፡ ዝለዓለ ስልጣን ኣለዎ።

### ክፋል 2. ስሩዕ ኣኼባታት፥

- ኣባላት፡ ወርሓውን፡ ርባዕ-ዓመታውን ኣኼባታት የካይዱ፤ ርባዕ ዓመታዊ ኣኼባ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ክካፈሎ ዘለዎ እዩ፡

- ዕለትን መዓልትን ኣኼባ ኣቐዲሙ ብኣካያዲት ሽማግለ ማሕበር ይዝርጋሕ።

### ክፋል 3. ዓመታዊ ኣኼባ፤

- ዓመታዊ ኣኼባ፡ ኣብ መወዳእታ ዓመት፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ (December)፡ ብተለፎን ይጋባእ፡ ዕለትን፡ መዓልትን ብዋና ጸሓፊ ክልተ ሰሙን ኣቐዲሙ ይንገር፡
- ዓመታዊ ኣኼባ፡ ኣካያዲት ሽማግለ ሓፈሻዊ ጸብጻብን፡ ገምጋምን፡ጉዕዞን ማሕበር ዘቕርበሉ ኣጋጣሚ እዩ፡
- ማሕበር ኣብ ክክልተ ዓመት ዝካየድ ጉባኤ ኣካያዲት ሽማግለ ይመርጽ፡ ኣብ ጉባኤ ዝወዓለ/ዝወዓለት ኣባል ክመርጽን ክምረጽን መሰል ኣለዎ፡
- ንሓዋሩ ኣብ ጉባኤ ክውዕሉ ዘይከኣሉ ኣባላት ከመይነት ኣሳትፎኦም ኣብ ምርጫ መጽናዕቲ ይግበር።

### ክፋል 4. ፍሉይ ወይ ህጹጽ ኣኼባ፥

- ፍሉይ ወይ ህጹጽ ኣኼባ፡ ብኣካያዲት ሽማግለ ማሕበር ወይ ብጠለብ፡ **2/3** (ክልተ ሲሶ) ኣባላት ማሕበር፡ ክጽዋዕ ይከኣል፡
- ዋና፡ ጸሓፊ/ት፥ ክልተ ሰሙን ኣቀዲሙ/ማ መዓልትን ዕለትን ኣኼባ የፍልጥ/ተፍልጥ።

### ክፋል 5. ምርጫ፥

- ውሳኔ፡ ብተራ ብዝሒ (50+1) ይጸድቕ፡
- ኣብ ኣኼባ፡ ዝወዓለ ይመርጽን ይምረጽን። ይኹን እምበር፡ ኣብ ክንዲ ካልእ፡ ማለት፡ ኣብ ኣኼባ ዘይወዓለ ኳንካ ምምራጽ ኣይፍቀድን።

### ክፋል 6. ምልኣተ-ጉባኤ፤

- ምልኣተ-ጉባኤ ብህላዌ፡ ተራ ብዝሒ (50+1) ኣባላት፡ ይሰልጥ፡
- ብዝተፈላለየ ምኽንያት ምልኣተ-ጉባኤ ምስ ዝጎድል፡ በቶም ኣብ ጉባኤ ዝተረኽቡ ኣባላት ጉዳያት ማሕበር ይሳለጥ።

### ክፋል 7. *ጸዋዒት ኣኼባ፤*

<u>ጸዋዒት-ኣኼባ ብመልእኽቲ ብተሌፎን ወይ ቢኢ-መይል ክልተ-ሰሙን ኣቐዲሙ ይንገር።</u>

## ዓንቀጽ 9. -- ኣካያዲት ሽማግለ፤

### ክፋል 1. ኣካየድቲ ሽማግለ፡ ግዲኦምን፡ ቁጽሮምን፡

ኣካየድቲ ሽማግለ፡ ብሓፈሽኡ፡ ግዲኦም ዕላማ ማሕበር ምትግባር ኮይኑ፤ ንኣባላት፡ ብኣሳታፊ ኣገባብ ኣብ ጉዳያት ማሕበር ከዋፍሩ እውን ይኽእሉ።

- **ማሕበር፡ ብሓሙሽተ (5) ኣካየድቲ ትምራሕ፡**
  1. **ኣቦ/ኣደ-ወንበር፡** 2. **ምኽትል ኣቦ-ወንበር/ኣደ-ወንበር፡**
  3. **ዋና-ጸሓፊ/ት፡** 4. **ተሓዝ-ገንዘብ፡** 5. **ምክትል ተሓዝ-ገንዘብ።**

ኣብ ጉባኤ፡ ሸውዓተ (7) ሕጹያት ይቐርቡ፡ ኣቶም ሓሙሽተ (5)፡ ዝለዓለ ድምጺ ዝረኸቡ፡ ኣባላት፡ ኣካያዲት ሽማግለ ይኾኑ። እቶም ክልተ ተጠባበቕቲ ይኾኑ።

ተጠባበቕቲ፡ ክሳብ ኣባላት ናይ ኣካያዲት ሽማግለ ዘይኮኑ፡ ኣብ ውሳኔን ኣኼባን ኣካያዲት ሽማግለ ኣይካፈሉን።

**ክፋል 2. *ዕድመ፡ ሓላፍነት፡ ኣካያዲት ሽማግለ፤***

- ኣባላት ኣካያዲት ሽማግለ፡ ንክልተ ዓመት የገልግሉ፣ ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት፡ ኣገልግሎቶም፡ ኣብ ጉባኤ ምስ ዝምረጹ፡ ደጊሞም ክልተ ዓመት ከገልግሉ ይኽእሉ፡
- ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ (4) ዓመት ኣገልግሎት ሓላፍነቶም የብቅዕ። እንተኾነ፡ ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት ዕረፍቲ፡ ከም እንደገና ኣባላት ኣካያዲት ሽማግለ ኮይኖም ክምረጹ ይከኣል።

***ክፋል 3. ኣኼባ፡ ኣካያዲት፡ ሽማግለ፤***

- ኣካያዲት ሽማግለ፡ እንተወሓደ ኣብ ሰለስተ (3) ወርሒ ሓደ ጊዜ ትእከብ፡
- መዓልትን ጊዜን ኣኼባ፡ ክልተ-ሰሙን ኣቐዲሙ ብጽሑፍ ይዝርጋሕ።

**ክፋል *4*. ምርጫ ኣካያዲት ሽማግለ፤**

ሓደስቲ ኣካየድቲ ሽማግለ ፡ ኣብ ነናይ ክልተ (2) ዓመት ዝካየድ ጉባኤ ማሕበር ብተራ፡ ብዝሒ ይምረጹ።

**ክፋል 5. ኣገባብ ኣመራርጻ ኣካያዲት ሽማግለ፥**

ነፍሲ-ወከፍ ኣባል፣ ኣብ ጉባኤ፡ ኣካያዲ ማሕበር ክኸውን ይበቅዕ እዩ ንዝበሎ ሰብ ክሓጺ መሰል ኣለዎ።

**ክፋል 6. ምልኣት ኣኼባ ኣካያዲት ሽማግለ (Quorum)፥**

ሰለስተ ኣባላት ኣካያዲት ሽማግለ፡ ተራኺቦም ጉዳይ ማሕበር፡ ከካይዱን ውሳነታት ክሕልፉን ምልኣት ኣለዎም።

**ክፋል 7. *ማዕረ-ማዕረ ድምጺ ውሳነታት* (Tie Vote Board Decisions)፥**

ኣካያዲት ሽማግለ፡ ብምኽንያት ማዕረ ድምጺ ውሳኔ ከተሕልፍ ኣብ ዘይትክእለሉ ኩነታት፡ ኣቦ-ወንበር ዘድመጸሉ ጎኒ ይዕወት።

**ክፋል 8. *ምቛም፡ ፍልይቲ ሽማግለ፤***

ኣካያዲት ሽማግለ፡ ፍልይቲ ሽማግለ፡ ንውሱን ዕማም ክትዓምም ከተቕውም ስልጣን ኣለዋ።

**ክፋል 9. ካብ ስልጣን ምስሓብ፤**

ኣባል ኣካያዲትሽማግለ፡ ካብ ስልጣን ክስሕብ ምስ ዘውስን፡ ብጽሑፍ ንዋና ጸሓፊ የፍልጥ።

**ክፋል 10. ኣካያዲት፡ ሽማግለ፡ ማሕበር፤**

ኣስማት ኣብ ጠቕላላ ጉባኤ ማሕበር ዝተመርጹ ኣካየድቲ ሽማግለን ኣስማት ተቖጻጸርቲ ማሕበርን፡ ድሕሪ ጉባኤ ንኩሎም ኣባላት ማሕበር ብግዜኡ ብኢመይል ክሕበር ይግባእ።

**ዓንቀጽ 10. -- ዓስቢ ወይ ጻማ ኣባላት ማሕበር፤**

- ማሕበር ገንዘባዊ ዓቕሙ ስለዘየፍቅድ፤ ንኣካየድቲ ይኹን ንኣባላት ኣይከፍልን፡ ኣካየድትን ኣባላትን ከምቲ ንቡር ንማሕበር ብፍታዎም የገልግሉ፡
- ንሓዋሩ ሕሉፍን ትሩፍን ገንዘብ ምስ ዝውህለል፡ ኣካየድቲ ሽማግለ፡ ብዝወሰንዎ መሰረት ክፍሊት ንኣካየድቲን ኣባላትን ወይውን ወከልቲ ማሕበር ክስራዕ ይከኣል፡
- ኣካያዲት ሽማግለ ማሕበር፡ በብእዋኑ ሕግታት ማሕበር ብምውካስ፤ ኣባላት ሕግታት ማሕበር ከተግብሩ ተተባብዕ፡
- ኣካያዲት ሽማግለ ማሕበር፡ ውልቃዊ ወይ`ውን ገንዘባዊ ረብሓ፡ ውልቀ-ሰባት ምስ ናይ ማሕበር ረብሓ፡ ከይተኣታቶ ትሕሉ።

***ዓንቀጽ 11. -- ሓላፍነት፡ ኣቦ-ወንበር /ኢድ-ወንበር፤***

1. ኣኼባታት ኣካያዲት ሽማግለ የካይድን ይመርሕን፡
2. ኣኼባታት ኣባላት ማሕበር የካይድን ይመርሕን፡
3. ስርሓት ኣካያዲት ሽማግለ የወሀህድ፡
4. ዓመታዊ ጸብጻብ ማሕበር የቕርብ፡
5. ንኣባላት ኣካያዲት ሽማግለን፡ ኣባላት ማሕበርን፡ ዓንዲ ሕጊ ማሕበር ክልኦት ውላድ ሃይገት ከኽብሩን ክምእዘዙን የተባብዕ።

**ዓንቀጽ 12. -- ሓላፍነት ምክትል ኣቦ-ወንበር/ኣደ-ወንበር፥**

1 ኣድላይ ሓገዛት፡ ንኣቦ /ኣደ ወንበር ማሕበር የበርክት፡
2 ኣቦ/ኣደ ወንበር ምስ ዝበኰር፡ ከም ጊዚያዊ መተካኣታ የገልግል፡ ቦታ ኣቦ/ኣደ ወንበር ክፉት ምስ ዝኸውን፡ ኣቦ/ኣደ ወንበር ኮይኑ የገልግል፡
3 ዋና ጸሓፊ ምስ ዝበኰር፡ ዕማማት ጸሓፊ የካይድ።

**ዓንቀጽ 13. -- ሓላፍነት ጸሓፊት/ፊ፤**

1. ሰነዳት ማሕበር የዕቅብ፡
2. መዝገብ ኣባላት ማሕበር ይሕዝ፡
3. ውሳኔታትን ደቃቕይን ኣኼባ ኣካያዲት ሽማግለን፣ ኣኼባ ስሩዕን፡ ህጹጽን ኣባላት፡ ማሕበር የመዝግብ፡
4. ስሩዕ ኣኼባ፡ ወይ’ውን ህጹጽ ኣኬባ ዝካየደሉ መዓልትን፡ ሰዓትን፣ ኩነትን ይሕብር፡
5. ንኣባላት፡ ህልው ኩነታት ማሕበር ይሕብር።

**ዓንቀጽ 14. -- ሓላፍነት ተሓዝ ገንዘብ፥**

1. ገንዘብ ማሕበር የካይድ፡
2. መዝገብ ኣታውን ወጻእን ማሕበር ይሕዝ፡
3. ዓመታዊ ክፍሊት፡ ኣባልነት (ኣባላት) ይእክብ፡
4. ኣካያዲት ሽማግለ ኣብ ዝመረጾቶ ባንክ፣ ተሓዝ ገንዘብ፡ ንብረት ማሕበር ምስ ተቐበለ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ናይ ማሕበር ሕሳብ-ባንክ የዕቅብ፡
5. ዓመታዊ ናይ ኣባልነት ክፍሊት፡ ንዘይከፈሉ፡ ኣባላት መዘክራት ይልእክ፡
6. <u>ጉዳይ ማሕበር ንምስላጥ፡ ተሓዝ ገንዘብ ንኣካያዲት ሽማግለ ከይሓበረ፡ኣብ ዓመት ክሳብ፡ $200.00፡ ወጻኢታት ክገብር ይኽእል፡</u>
7. <u>ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዕቅን ገንዘብ ንላዕሊ ምስ ዝድለ፤ ተሓዝ ገንዘብ፡ ብጽሑፍ ዝተሰነየ ፍቓድ ካብ ኣካያዲት ሽማግለ ከረጋግጽ ኣለዎ። (እዚ ገደብ ነቲ $ 7,000.00 ሓገዝ ንስድራ-ቤት መዋቲ ዝወሃብ ገንዘብ ኣይምልከትን፡)</u>
8. ተሓዝ ገንዘብ፡ ኩሉ ጊዜ፡ ንተቆጻጸርቲ ወይ’ውን ንኣካያዲት ሽማግለ፡ ደብተሩ ከፊቱ ሕሳብ ክህብ ድሉው ክኸውን ኣለዎ፡
9. <u>ዝኾነ ቸክ፣ ገንዘባዊ ክፍሊት፣ወይ’ውን ካብ ሕሳብ ማሕበር ጥረ-ገንዘብ ምስሓብ፡ ብኽታም ተሓዝ ገንዘብን ኣቦ ወንበርን ወይ ዋና ጸሓፊ ይፍጸም፡</u>

10. ዓመታዊ ጸብጻብን፣ ገንዘባዊ ሕሳብን፣ ኩነታት ምጣነ-ሃብቲ ማሕበርን ኣብ ኣኼባ የቕርብ፡
11. ኣብ ርባዕ-ዓመት ዝካየድ ናይ ተለፎን ኣኼባ፡ ተሓዝ ገንዘብ፡ ንኣካየድትን ኣባላትን ሕሳብ የቕርብ።

**ዓንቀጽ 15. -- ሓላፍነት፡ ምክትል ተሓዝ-ገንዘብ፤**

- ኣድላይ ሓገዝ ንተሓዝ ገንዘብ የበርክት፡
- ግዚያዊ መተከኣታ ተሓዝ ገንዘብ ኰይኑ የገልግል፣ ተሓዝ ገንዘብ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከግልግል ምስ ዘይኽእል፡ ናይ ማሕበር ተሓዝ ገንዘብ ይኸውን።

**ዓንቀጽ 16. -- ምርጫን፥ ሓላፍነትን፥ ተቆጻጸርቲ፣**

ተቆጻጻሪን ተሓጋጋዚኡን፤ ኣብ ከክልተ ዓመት ዝካየድ ጉባኤ ማሕበር ይምረጹ። ካብ ኣርባዕተ (4) ዓመታት ዘይበዝሕ ጊዜ ድማ የገልግሉ፤ ተሓጋጋዚ ብመምርሒ ዋና ተቆጻጻሪ ይሰርሕ። ተቆጻጻሪ ምስ ዘይህሉ፡ ዕማም ተቋጻሪነት ብተሓጋጋዚ ይማላእ።

1. ተቆጻጻሪ፤ ተሓዝ ገንዘብ፡ ብስም መሓበር፡ ዘካየዶ፥ ገንዘባውን፥ ንብረታውን፥ ፍጻመታትን፡ ይቆጻጸር። ጸብጻብ _ንኣካያዲት ሽማግለ ካብ ክልተ (2) ዓመት ኣብ ዘይውሕድ እዋን የቕርብ፡

- ቅዳሕ ናይ ጸብጻብ ድማ፡ ኣብ ዓመታዊ ኣኼባ ኣባላት የቕርብ።

2. ተቆጻጸርቲ፥ ንኣካይዳ ንብረት ማሕበር ከመሓየሽሉ ዘኽእል ርእይቶ የቕርቡ።

**ዓንቀጽ 17. -- መንእሰያት፤**

- ማሕበር ክልኦት ውላድ ሃይገት ንመንእሰያት ፍሉይ ቆላሕታ የንብረሎም፡
- ባህሎም ከጽንዑን ሕብረ-ማሕበሮም ክሕግዙን የተባብዕ፡
- ዕድሚኦም 18 ዓመት ኣብ ዝኣኸለሉ እዋን ዓመታዊ ክፍሊት ይጅምሩ፤ ምሉኣት ኣድመጽቲ ኣባላት ድማ ይኾኑ፡
- መንእሰያት ዓመታዊ ክፍሊቶም ዝጅምሩ ኣባላት ማሕበር ኣብ ዝኾኑሉ እዋን እዩ፡ እቲ ካብ 2011 ዝጀመረ ክፍሊት ኣይምልከቶምን ኣዩ።

**ዓንቀጽ 18. -- ምፍራስ ማሕበር፣**

- ማሕበር ምስ ዝፈርስ፡ ዕድኡ ብሕጊ ምስ ኣደቀሰ፡ ብቁጽሪ 501 ( C ) ( 3 ) 1986 ግብሪ ሕጊ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝተመዝገበ ማሕበር፤ ምስ ማሕበር ናይ ክልኦት ውላድ ሃይገት ማሕበር ዕላማ፤ ዝሳነ ማሕበር፥ ንብረቱ ይዕድል፡
- ንብረት ክልኦት ውላድ ሃይገት እትርከብ ማሕበር ብብዝሒ ድምጺ ኣባላት ማሕበር ትሕረ፤ ክሳብ ንብረት ብግቡእ ዝመሓላለፍ ድማ፥ ማል ማሕበር ኣብ ናይ ሕድሪ ሕሳብ ይጸንሕ፡
- ማሕበር ክልኦት ውላድ ሃይገት፡ ዘይ-ፖለቲካውን ዘይ-ሃማኖታውን ስለ ዝኾነ፡ ንብረቱ ንዝኾነ ፖለቲካዊ ወይ'ውን ሃይማኖታዊ ማሕበር ኣይወሃብን።

**ዓንቀጽ 19. -- ናይ ረብሓ ግርጭት፤ (Conflict of Interest)፤**

- ኣካያዲት ሽማግለ፡ ኩሉ ጊዜ፡ ብስም ማሕበር እተካይዶ ንጥፈታት፡ ንረብሓ ማሕበር ዘገልግል ምዃኑ ከተረጋግጽ ኣለዋ። ንውልቃዊ ረብሓ ኣባል ዘገልግል ከይከውን ግቡእ ምክትታል ትገብር፡
- ናይ ረብሓ-ግርጭት ክበሃል እንከሎ፡ ኣባል ኣካያዲት ሽማግለ ማሕበር ኣብ ምክያድ ጉዳያት ማሕበር ብሰንኪ ውልቃዊ ረብሕኡ ናይ ማሕበር ውሳኔ ከይጸሉ የስምዕ፡
- ኣባል ኣካያዲት ሽማግለ ማሕበር፡ ናይ ረብሓ-ግርጭት ክህልዎ ይኽእል እዩ ኢሉ ኣብ ዝኣምነሉ ኩነት ንኣካያዲት ማሕበር ይሕብር፤ ኣካያዲት ማሕበር ድማ፡ ኩነታቱ መዚና ትውስን።

**ዓንቀጽ 20. -- ምስግጋር ንብረት ማሕበር፥**

ኣካያዲት ሽማግለ ማሕበር፡ ኣብ ጉባኤ ማሕበር ምስ እትትካእ፡ ነታ ዝተመርጸት ሓዳስ ኣካያዲት ሽማግለ ማሕበር፡ ንብረት ማሕበር፡ ብልዙብ ኣገባብ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ተመሓላልፍ።

**ዓንቀጽ 21. -- ንጥፈታት ማሕበር ኣብ ወጻኢ ሃገር፥**

ማሕበር፡ ክልኦት ውላድ ሃይገት፡ መደበሩ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እዩ፤ ኣብ ካናዳ ዝቕመጡ ኣባላት ማሕበር እውን ኣለው።

**ዓንቀጽ 22. -- ቍጠባዊ ንጥፈታት፥**

ማሕበር ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ዝኾነ ምጣኔ-ሃብታዊ ንጥፈታት ኣይካፈልን።

**ዓንቀጽ 23. -- ህያብን፡ ለቓሓን፥**

ማሕበር ኣብዚ እዋን እዚ፥ ለቓሓ፤ ህያብ፤ ወይ'ውን፥ ናይ ትምህርቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ኣየበርክትን።

**ዓንቀጽ 24. -- ናይ ዓመት-ሕሳብ (Fiscal Year)፡**

ናይ ማሕበር ዓምተ-ሕሳብ ካብ ሓደ ጥሪ (January)፡ ክሳብ መጨረሽታ ታሕሳስ (December)፡ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት እዩ።

**ዓንቀጽ 25. -- ምምሕያሽ ዓንዲ-ሕጊ ማሕበር፡**

<u>ዝኾነ ለውጢ ወይ ምምሕያሽ ናይዚ ዓንደ-ሕጊ ምስ ዝድለ፡ ጠቕላላ ጉባኤ ኣብ ዝተጋበኣሉ እዋን ብድምጺ 2/3 (ክልተ ሲሶ) ካብ ኣብ ጉባኤ ዝተጋበኡ ኣባላት ማሕበር ለውጢ ወይ ምምሕያሽ ይግበር።</u>

**<u>ምልክታ</u>**፡ እዚ ዓንደ ሕጊ ክልኦት ውላድ ሃይገት፡ ብወርሒ፡ መስከረም፡ ዕለት፡ 25፡ 2021፡ (September 25: 2021) ብ ዙም (Zoom) ዝተኻየደ ጠቕላላ ጉባኤ ማሕበር ዝጸደቐ፡ እዩ። ከምኡ ውን እዚ ዓንደ-ሕጊ **እ**ዚ፡ ካብቲ ብቛንቛ እንግሊዘኛ ተጻሒፉ ዝተዳለወ፡ ዓንደ-ሕጊ ማሕበር ክልኦት ውላድ ሃይገት ዝተተርጎመ እዩ።

መጨረሽታ ዘይበርሄ ነገር እንተሎ፡ ነቲ ናይ እንግሊዘኛ ቅዳሕ ክትውከሱ ትኽእሉ።